መሓመድ ዑመር ኣኪቶ

ዘይቕህም ነበልባል

ብኣለምሰገድ ተስፋይ

ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ኣቢሉ፡ ንሸኽ ዑመር ኣኪቶ ንኽበጽሖምን ገለ ቃለ መጠይቕ እንተ ፈቐዱለይ ንኽፍትንን ንሳልሳይ ጊዜ ምስ መሳርሕተይ ዓሰብ ከይደ ነይረ።ብቑጸራ ስለ ዝነበረ፡ ከም ወትሩ ኣብ ገበላ ምዕሩግን ምቕሉልን ገዝኦም ክጽበዩ ጸንሕምና። ሓጻር መሳልል ደዪብና ብኣኽብሮት ሰላም ምስ በልናዮም፡ ነቐፍቲ ኣዒንቶም ኣጽቢቦም ብጕድኒ ጠመቱና።

“ሕጂ'ኸ ኣንታይ ደሊ'ኻ?” ሓተቱኒ በቲ ልሉይ ሓፊስ ድምጾም።

“ዝሓለፈ ጊዜ ከይሓተትኩኹም ዝሕለፍኩወን ሕቶታት ስለ ዘለዋኒ እየ፡” መለስኩሎም ከይኣብዩኒ እናፈራሕኩ።

“እንታይ ኢ'ኻ ትደሊ ዘሎ'ኻ? ሓቂ?” ብተዋዛዪ ድምጺ ተዛሪቦምኒ። መልሲ ኽደሊ ወታእታእ ምስ ጀመርኩ፡ ንሕቶኦም ባዕሎም መሊሶምለይ። “ወደይ፡ ነቲ መርፍእ ኣብ ውሽጢ ዂምራ ሓሰር ዘናዲ ሰብ ኢ'ኻ ተዘክረኒ። ሓቂ ግን መላቑ'ት'ያ። ታሪኽ ብሓሶትን ምድንጋራትን ዝተመልአ ኢዩ። ካብ ሓቂ ብዝትሕት ነገራት ክትጥበር ክትክእል ኣሎካ…”

ኣብቲ ገበላ ብኽቢ ኮፍ ኢልና ኢና ዘረባ ጀሚርና። ሃንደበት ብድድ ኢሎም ብድሕሪኦም ንዝነበረ ማዕጾ ከፊቶም ውሽጢ ብምእታው፡ ሓንቲ ብዕድመ ዝበጨወት መጽሓፍ ሒዞም ተመልሱ። በቲ ኽፉት ማዕጾ ኣብ ከብሕታት፡ ልዕሊ ኣርማድዮን ኣብ ሓደ ዓቢ ጣውላን ዝተደርደረ ዂምራ ናይ ጣሊያንን ዓረብን መጻሕፍቲ ይርአ ነይሩ።

“ክሳብ ሎሚ ብዙሕ ተንብቡ ኣሎ'ኹም ማለት'ዩ” ኢለዮም።

“ነዚኦን እንተ ወሲድካለይ እመውት” መሊሶምለይ ናብቲ መጻሕፍቶም እናመልከቱ።

ኣርእስቲ ናይ'ታ ኽገናጽሉዋ ጸኒሖም ኣብ ሓንቲ ሕጡብ ምስ በጽሑ ኢዶም ዘመልከቱላ መጽሓፍ ብዘይ ምዝካረይ ቅር ይብለኒ። “ኢጣልያ ምስ ሰመረት ማሲሞ ዳ'ዚልዮ እንታይ ከም ዝበለ ትፈልጥዶ?” ነቲ ስም ሰሚዐዮ ስለ ዘይፈልጥ፡ ርእሰይ ነቕኒቐ። “'ልታልያ ኤ ፋታ። ሪማኖ ዲ ፋረ ሊ ኢታሊኣኒ' ኢሉ። እንታይ ማለት ትፈልጥ?” ብትግርኛ ሓቲቶምኒ።

“ኢጣሊያ ተሰሪሓ'ላ። ሕጂ ዝተርፍ ኢጣልያውያን ምስራሕ'ዩ።”

“ኤዛታመንተ”ኢሎምኒ ብጥልያን፡ ዝበዝሕ ቋንቋ ጥልያን ኢዩ ዝቐንየም እምበር ትግርኛን ዓረብን'ውን ከም ድላዮም ዝመልኩዎ ቋንቋታት'ዩ ነይሩ። “ንስኻትኩም ንኤርትራ ንምስራሕ ዝገበርኩሞ ኹሉ የገርመንን ኣድንቕን'የ - እቲ ጽንኩር ናብራ፡ ስቓይን መስዋእትን። ግን ታሪኽ ክትጽሕፍ ከሎኻ ሓደ ነገር ዘክር። ኤርትራውያን ምስራሕ ዝኸበደን ዝተሓላለኸን ክኸውን ይኽእል'ዩ። መወዳእታ ዘይብሉ መስርሕ'ውን ኢዩ።”

ምስ ኣኪቶ፡ ዘይተቐረብካሉ ኽንንፈካ ንቡር'ዩ። ንኽፉእ ወይ ብዓመጽ ዘይኮነስ ብባህሪኦም ሰባት ናይ ምድህላል ክእለት ነይሩዎም ። ብቐዳምነት ኣዒንቶም በላሕትን ሓንሳብ ምስ ኣትከላ ጥቕስ ዘይብላን ኢየን ዝነበራ። ካብዚ ንላዕሊ ግን፡ ነቲ ብዘይ ዕቃበን ሲጋእታን ዘውጽኡዎ ርእይቶ ብበሊሕ ዋዛን ተረካብ ዘረባን ስለ ዘሰንዩዎ፡ ምስኦም ምግጣም ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ምሉእ ናይ ፖለቲካ ህይወቶም ዝፈለጦም ዘበለ

መሳርሕቲ፡ ፈታዊ ይኹን ጸላኢ ተጠንቂቑ ክቐርቦም'ምበኣር ዘገርም ኣይኮነን። ግን ከኣ፡ ካብ'ቶም ኩሎም ዛጊት ዘዛረብኩዎም ብደርዘን ዝቑጸሩ ናይቲ ጊዜ ዓበይቲ ሰባት፡ ሓደ'ኳ ብሕማቕ ወይ ብኣሉታ ዝዛረበሎም ኣይረኸብኩን። እቶም ቀንዲ ጸላኢኦም ተባሂሉ ዝንገረሎም መራሕ መንግስቲ ቢትወደድ ኣስፋሃ ወልደሚካኤል'ኳ፡ "ኣኪቶ እሳት፡ ደፋር፡ ነቓጽ'ዩ ዝነበረ" ካብ ምባል ሓሊፎም ካልእ ኣይወሰኹን።

ብ1919 ኣብ ከባቢ ዓሰብ ዝተወልዱ ኣኪቶ (ብዙሓት ሃኪቶ ይብሉዎም፡ ግን ባዕሎም ኣኪቶ ኢዩ'ቲ ቕኑዕ ኣጸዋውዓ ኢሎምና ኢዮም)፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓሰብ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ተማሂሮም። ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመቶም፡ ማለት ብ1934 ድማ ኣብ ናይ ደንካልያ ኮሚሳርያቶ ወይ ምምሕዳር ከም ጸሓፊ ተቖጺሮም። ብ1939 ኣብ ሶችየታ ኣኖኒማ ናቪጋስዮነ ኤሪትረያ እትብሃል ናይ ንግዲ ኩባንያ ተርጓማይ ኰይኖም ናብ ሰንዓ (የመን) ከዱ። ኣብዚ ስራሕ'ዚ ናይ ንግዲ ተመኲሮን ሞያን ስለ ዘጥረዩ ድማ፡ ብ1944 ምስ የመንን ኪኖኡን ዘራኽብ ባዕሎም ዝውንንዎን ዘካይዱዎን ብሕታዊ ናይ ንግዲ ስራሕ ጀመሩ። ነዚ ንመዋእል ዝሓዙዎን ዘነባበርምን ሞያ ኣብ ዝጀመሩሉ ዓመታት ከኣ ኢዮም ኣብ ምውዳእ 1940ታት ኣብ ፖለቲካ ኢዶም ዘእተዉ።

"ዳርጋ ብምሉኡ ኣብ ዕድመኹምን ደረጃኹምን ዝነበረ ኣስላማይ ኣብ ኣል ራቢጣ ኣል እስላሚያ ክሕወስ ከሎ፡ ንስኹም ግን ናብ ፕሮ-ኢጣልያ ኼድኩም። ስለምንታይ?" ሓቲተዮም ኣብ ሓደ ካብ ናይ ቃለ መጠይቕ ርክባትና።

"ኣብ ፕሮ ኢታልያ ኣይተሓወስኩን። ባዕለይ'ኮ ካብ መስረትታ እየ። ኣብ ደንካልያ ባዕለይ ኣቑመያ፡" መሊሶምለይ። "ስማዕ፡ ጣልያን መጀመርታ ኣብዚ ኣግሮም ኣንቢሮም። ካብዚ ተበጊሶም ንኣስመራ፡ ምጽዋዕ፡ ከረንን ካልእን ተቖጻጺሮም። ንምልእቲ ኤርትራ፡ ንሶማልያ'ውን ሓዊስካ ክገዝኡ ዝኸኣሉ፡ ነዚ ቦታ መበገሲ ብምግባር'ዩ። እንታይከ ገይሮም? ነዚ ቦታ ፈጺሞም ረሲዖም ነቲ ዘዝኸዱዎ ኣማዕቢሎሞ። ንኹሉ ብጽርግያን መገዲ ባቡርን ኣራኺቦሞ፡ ኣሰልጢኖሞ በስ። ኣነ ኢታልያ ሞግዚት ኰይና ክትመጽእ ደልየ ምእንቲ ነዚ ጠንጢናቶ ዝኸደት ህዝብን ቦታን ክትክሕስን ሓላፍነታ ክትስከምን። እቲ ዝሓሰብኩዎ ኣይሰለጠን" ኣዕሚቖም ኣተንፊሶም። ካብ ኣዘራርባኦም፡ እቲ በደል ክሳብ ሕጂ ከም ዘሕዝኖም ንኽርዳእ ኣይተጻገምኩን።

ብ1952፡ ኣኪቶ ብዘይ ተወዳዳሪ ካብ ደንካልያ ብምዕዋት ኣባል ቀዳማይ መጋባእያ ባይቶ ኤርትራ ምስ ኮኑ፡ ከም ኣድማዕን ነዳርን ተጣባቒ ፈደራል መሰላት ኤርትራ ንኽፍለጡ ጊዜ ኣይወሰደሎምን። ከምኦም ኣብ ውሽጢ ባይቶ ናይ ምቅዋም ኣንፈት ምስ ዝነበሮም መናእሰይ ኣባላት ብምትሕብባር'ውን ሓያልን ዘይዕጸፍን ነቓፍን መካትን ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፈሓስ ዝነበረ ተንኰላት ናይ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ኾኑ። ስፍሓት ናይ ኣእምሮ ስለ ዝነበሮም ግን፡ ንፖለቲካዊ እምነቶም ከየድፈሩ፡ ብዕላማታት መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰኺኽ ምስ ዝብሉ ኣባላት ሕብረት ምሕዝነት ምፍጣር ዘሰክፎም ኣይነበረን።

ንኹሉ'ቲ ናይ ባይቶ ሞያኦምን ኣበርክቶኦምን ኣብዚ ምዝርዛር ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ቀዳሞት ሰሙናት ሓጺር ዕምሩ ምምሕዳር መራሕ መንግስቲ ተድላ ባይሩ ብተግባር ብልሽውና ምስ ተኸሰ ግን፡ ኣኪቶ ብትሪ ንፍርድን ፍትሕን ካብ ዝተጣበቑ ኮኑ። ጋዘጣ ድሃይ ኤርትራ ብትእዛዝ መንግስቲ ተዓጺያ ኣዳለውታ ምስ ተኣስሩ፡ ናብ ማሕተም ንምምላሳን ንናጽነት ኣዳለውታን ብዘይ ስግኣት ተማጒቱ። ብዓቢኡ ድማ፡ ንተደጋጋሚ ምምላስ ኢድ ሃጸይ ሃይለስላሴ ኣብ ውሽጣዊ ጒዳያት ኤርትራ ብትብዓት ተቓዊሞም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ብ1954 ዝሓለፈ ናይ ባይቶ ኰነኔ ኣንጻር ተግባራት ሃይለስላሴን መንግስቶምን፡ ቅድሚት ካብ ዝተሰርዑ ነበሩ። ብሓቂ፡ ኣኪቶ ንመንግስቲ ኢትዮጵያን ናይ ሕብረት ተሓባበርቱን እሾኽ ስለ ዝኾኑ፡ ስቕ ንኽብሉዎም ወይ ንኽጥፍኡዎም ጊዜን ዕድልን ተጸበዩ።

እቲ ዝተመነዩዎ ዕድል ኣብ ነሓሰ 1955፡ ባይቶ ሓዲሽ መራሕ መንግስቲ ንኽመርጽ ምስ ተኣከበ ባዕሉ መጸሎም። ቀዳማይ መራሕ መንግስቲ ተድላ ባይሩ ኣብታ ዝሓለፈት ወርሒ ሓምለ ቦታኦም ለቒቖም ነይሮምዮም። ኣኪቶ ባይቶ ክኣትዉ እንከለዉ ሓደ ካብ'ቶም ናይ ሕብረት ወገን ዝነበሩ ባሻይ ብእምነት ተሰማ ኣብቲ ኣፍደገ ክጽበዩዎም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ናብ ጐድኒ ኣለዩዎም።

"ብእምነት፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናታ ሰብ፡ ማለት ንምክትል እንደራሴ ናይ ሃይለስላሴ፡ ንኣስፋሃ ወልደሚካኤል፡ ከተምርጽ ከም ዝወሰነት ነጊሩኒ። 'ኣስፋሃ እንተ ተመሪጹ፡ ፈደረሽን ጠፊኣ ማለት'ዩ' ኢሉኒ። 'ኣነ፡ ሓረጎት ምእንቲ ክወዳደሮ፡ ስሙ ኽጠቅስ'የ'ሞ ደግፈኒ' ድማ ኢሉኒ። ሓቂ ኽነግረካ፡ ኣነ ምስ ሓረጎት እቃዶ ኣይነበርኩን፡ ኣይተጋጠምናን። ግን፡ ንድሕነት ፈደረሽን ካብ ኣስፋሃ ሓረጎት ይሓይሽ። ሕራይ ኢለዮ ንብእምነት።"

ብመሰረት'ቲ ስምምዕ፡ ብእምነት ስም ሓረጎት ምስ ረቝሑ፡ ኣኪቶ ደገፎም ሃቡ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ምርጫ ኣስፋሃ ብዘይ ተወዳዳሪ ሰለል ኢሉ ክሓልፈሉ ይደሊ ስለ ዝነበረ፡ በዚ ተግባር'ዚ ኣይተሓጐሰን። "ምኽትል ፕረሲደንት ባይቶ ቀሺ ዲመጥሮስ ልክዕ ኣብ ፊተይ ኢዩ ኮፍ ኢሉ ነይሩ፡" ዘኪሮም ኣኪቶ። "ጸሊም'ዩ፡ ጸሊም ልብሲ ይኽደን ብላዕሊ ድማ ጸሊም ካፖት ይድርብ። ብቕሉዕ ምሳይ ሓሪቑ ነይሩ - መሊሱ ከሰል መሲሉ። ኣብታ ደቒቕ'ቲኣ፡ ናይ ባይቶ መዓልታተይ ከም ዘብቅዓ ተረዲኣ።"

ኣብ ናይ 1956 ምርጫ ንኻልኣይ መጋባእያ ባይቶ፡ ኣኪቶ ኣብ ልዕሊ'ቲ መንግስቲ ባዕሉ ዘቕረቦ ተወዳዳሪ ብዘየማትእ መገዲ ከም ዝተዓወቱ ተኣወጀ። ናብ ግቡእ ቦታኦም ቅድሚ ምምላሶም ግን፡ መራሕ መንግስቲ ኣስፋሃ ናይ ዓሰብ ምርጫ ክርክር ኣልዒሉ ኣሎ ብምባል ንውጽኢቱ ሰሪዞም፡ "ሓዲሽ ምርጫ ተኻዪዱ ሓቀኛ ተዓዋቲ" ንኽፍለ ኣዘዙ። ባይቶ ነዚ ዝውስን ድምጺ ከም ዝህብ'ውን ገበሩ። ብቕጽበት፡ ኣኪቶ ናብቲ ንመንግስቲ ዝምልከት ጉዳያት ዝርኢ ጠቕላሊ ቤት ፍርዲ ብምኻድ፡ ውሳኔ መራሕ መንግስቲ ንኽስረዝ ሓተቱ። እቲ ብሰር ጀምስ ሺራ (ሸረር) ዝተመርሐ ጠቕላሊ ቤት ፍርዲ ድማ ነቲ ምርጫ እኪቶ ዝሰረዘ ውሳኔ ኣስፋሃ ብምንጻግ፡ ኣኪቶ ባይቶ ንኽምለሱ ዘኽእሎም ኣብነታዊ ዝኾነ ውሳኔ ሃበ።

ኣስፋሃ ግን ንውሳኔ ፈጻሚ ቤት ፍርዲ ኣብ ተግባር ከውዕሉ ኣይመረጹን። ስለዚ፡ ሓደ ድኹም ናይ ቅጥዒ ምኽንያት ብምፍጣር፡ "ኣኪቶ ናብ ባይቶ ይመለስዶ ኣይመለስ?" ኣብ ዝብል ሕቶ ባይቶ ንኽድምጽ ዝግድድ ሓሳብ ምስናይ ተጽዕኖኡ ኣቕረቡ። ሸውዓተ ጥራይ ንኣኪቶ ደገፉ። ዝተረፉ ብምሉኦም ኣኪቶ ንኽስጐጉ ኣድመጹ።

"እሞ ብኡ ኣቢልኩም ተሪፍኩም፡ ታሪኽ ተወዲኡ?" ሓቲተዮም።

"ብኡ ኣቢለ ተሪፈ፡ እወ። ታሪኽ ግን ኣይተወድኣን። ውሳኔ ፈጻሚ ቤት ፍርዲ ኣብ ኢደይ ነይሩ። ሕጋዊ ወኪል ህዝቢ ኣነ ነይረ። ስለዚ፡ ኣስፋሃ በቲ ዝደለዮ ሰብ ንኽይትክኣኒ ዕድላት ዓጽየሉ።"

"ብኸመይ ግን?"

"መጀመርታ ካልእ ስራሕ ምቕባል ኣብየ። ካልኣይ፡ ካብ ኣስመራ ምውጻእ ተቘጢበ፡ ንንግደይ ካልእ ሰብ ሰዲደሉ። ሳልሳይ፡ ባይቶ ኣብ ዝተኣከበላ ዕለት ከይተሓለልኩ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳኔይ ሒዘ ክኣቱ ፈቲነ። ኣብ ነፍስ ወከፍ ፈተነ ድማ ተኸልኪለ። ነዚ ኣሰልቻዊ ኩለል'ዚ እንተ ዘቋርጾ፡ ኣብ ድሌቶም ከም ምእታው ምተቒጽረ'ሞ ፍሉይ ምርጫ ተኻዪዱ ተካኢየይ ምተመርጸ። ኣስፋሃ ነታ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ክጥሕሳ ኣይደለየን። መንበረይ ከይተተንከፈት ኣርባዕተ ዓመት ሓሊፉ።"

ብዘይ ደሞዝ፡ ብዘይ ስራሕ፡ ብድሕሪ ዓቢ መስጊድ ሓንቲ ጸባብ ገዛ ተኻርዮም፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብሰለይቲ መንግስቲ እናተሃድኑ፡ ኣኪቶ ነቲ ናይ ባይቶ ግቡእ ቦታኦም ካብ ጽርግያታት ኣስመራ ዓቀቡ። ባዕሎም ከም

ዝበሉዎ፡ ኣብ ህይወቶም እቲ ዝኸፍኣን ፈታንን ጊዜ ኢዩ ነይሩ። ብውሑዱ ግን፡ ኣብ ልዕሊ መራሕ መንግስቲ ኣስፋሃን እቲ መሰል ኣባላቱ ዘይሕሉ ባይቶ ኣርትራን ነዛ ናይ መትከል ዓወት ኣመዝገቡ።

“ናይ ጽርግያ ኣባልነት ባይቶ” መሓመድ ዑመር ኣኪቶ፡ ሓፈሻዊ ምርጫ ንሳልሳይ ባይቶ ኤርትራ ምስ ተጸውዐ፡ ብ1960 ኣብቅዐ። ሕጅስ ንሶም’ውን ሸለል በሉዎ’ሞ ናብ ዋኒኖም፡ ንዓሰብ ክምለሱ ተዳለዉ። ኣስፋሃ ግን ምስኦም ኣይወድኡን። ኣኪቶን ኣብ ዓሰብን ሓደገኛ ፖለቲካዊ ሓይሊ ከም ዝኾኑ ፍሉጥ ነይሩ። በዚ’ምበኣር፡ ንኣኪቶ ኣብ ቤት ማሕተም መንግስቲ ኤርትራ ሓንቲ ንእሽቶ ቦታ ብምሃብ፡ ኣብ ኣስመራ ኮፍ ኣቢሎም ንኸምክኑዎም ፈተኑ። ኣብዚ ቦታ’ዚ እንከለዉ ኢዮም ኣኪቶ ነታ ኣብቲ እዋን ብዙሕ ዘዛረበትን ዝተደጋገመትን ዋዛ ዝደርበዩ።

ብዛዕብኣ ሓቲተዮም።

“ሓደ ንጉሆ ናብ ስራሕ እናኸድኩ፡ ሓደ ሰብ፡ ‘ከመይ ኣሎኻ ኣኪቶ?’ ኢሉኒ። ኣነ ድማ፡ ‘ሶፕራ ኢ ማላቲ፡ ማ ሶቶ ኢ ማቲ’፡ ማለት ‘ልዕሊ ሕሙማት ግን ትሕቲ ጽሉላት’ ኢለ መሊሰሉ። ሽዑ ቤት ማሕተም መንግስቲ ኣብ ከብዲ ፎርቶ፡ ልዕሊ ሆስፒታል ረጂና ኣለናን ትሕቲ’ቲ ኣብ ልዕሊ ፎርቶ ዝነበረ ሆስፒታል ቅድስቲ ማርያምን ኢዩ ነይሩ። ብኡ እየ ልዕሊ ሕሙማት - ትሕቲ ጽሉላት ዝበልኩ። ሰብ ሽዑ ሐሕማሙ ስለ ዝነበሮ፡ መምስ ዅነታቱ ኣዛሚዱዎ፡ ከመይ ኣሎኻ ዝተባህለ ኹሉ፡ ‘ልዕሊ ሕሙማት፡ ትሕቲ ጽሉላት’ ምባል ለሚዱ።” እናተከዙ ስሒቖም።

ኣኪቶ ምኽን መትከላዊ ጽንዓት ጥራይ ኣይኮነን ሓቲቱ። ኪኖኡ ብዝኸደ ክብ ዝበለ ሞራላዊ ሓይሊ ዝደርዑ ሰብኣይ’ውን ስለ ዝነበሩ ኢዩ። ካብ ኩሉ’ቲ ዘይሃስስ ምስልታቶም፡ ሓንቲ ዝያዳ ምሳይ ደሚቓ ክትነብር’ያ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ሆስፒታል ሰምበል ከይደ፡ ኣብ ልዕሊ’ተን ሓሚመንዝነበራ ናይ ነዊሕ እዋን በዓልቲ ቤቶም ደኒኖም ብዓቢ ጥንቃቐን ሓልዮትን ክከናኸኑወን ንበይኖም ጸኒሖምኒ። ሽዑ ኣብ ውሽጢ ኸርሲ’ቲ ዘይቀሃመ ነበልባል ኣኪቶ ናይ ርህራህ ቦታ ከም ዝነበረ ተገንዚበ። ልቢ ዝትንክፍን ዘምውቕን ትርኢት’ዩ ነይሩ።

ሰላም ኣኪቶ - ዘይቕህም ነበልባል።